Landeshauptstadt Dresden
Schulverwaltungsamt

# ቅርጻ-ስእሊ ናይ ትምህርቲ

## ሓበሬታታት ንወለድን፣ ቆልዑን መንእሰያት

## ቅርጻ-ስእሊ ትምህርቲ-ልዑል ጠመትኡ ኣበይ እዩ ዝርከብ?

ብ ናይ ድረስደን ቅርጻ-ስእሊ ትምህርቲ ዝውነኑ ከም ብህዝባዊ ምምሕዳራት ዝካየዱን፣ ብክፍለሃገራዊ ምምሕዳር ዝካየዱን፣ ከምኡድማ ናይ ነጻ ዝኾኑ ተወነንቲ ቤት ትምህርትታት እዮም። ኩሎም ዓይነት ትምህርቲ እዮም ዝቐርቡ፡-

- መባእታዊ ቤት ትምህርትታት፣
- ማእከላይ ክፍሊ ቤት ትምህርትታት፣
- ላዕለዋይ ክፍሊ ቤት ትምህርትታት፣
- ሓፈሻዊ ትምህርትን፣ ሞያዊ ስልጠና ትምህርትን ዝህባ ናይ ደገፍ ዝረኻብ ቤት-ትምህርትታት።
- ሞያዊ ስልጠና ቤት-ትምህርትታት (ሞያዊ ስልጠና ቤት ትምህርትታት፣ ሞያዊ ቤት- ትምህርትታት፣ ናይ ብቕዓት ቤት-ትምህርትታት፣ ናይ ጥበብ ማእከላይ ቤት-ትምህርትታት፣ ሞያዊ ላዕለዎት ቤት-ትምህርትታት) ከምኡድማ
- ናይ ካልኣዊ ኣመሃህራ-መንገዲን (ምሸታዊ ቤት ትምህርትታት)።

እታ ናይ ክፍለ ሃገር ርእሰ-ከተማ ድረስደን ኣብ ወብሳይት www.dresden.de/schulen ዝያዳ ሓበሬታታት ቀሪባትልኩም ኣላ። ኣብዚ ኩለን ናይ ድረስደን ቤት-ትምህርትታት ኣብ ሓደ ናይ ዳታ-ባንክ ጌራ፣ ኩሎም እቶም ኣገደስቲ ሓበሬታታት ጠርኒፋቶም ኣላ። ስለዚ ነት ናይ ትምህርቲ ዓይነትን፣ በየናይ ክፍሊ ናይቲ ከተማን፣ ቅርጽን፣ ወነንቱን ከምኡን/ወይውን ሞያዊ ስልጠና ዝወሃበሉ ክርከብ ዝከኣል። እዚ ነቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ምራጽ ንምውሳን ሓገዝ ክገልግል ይኽእል። ካብ ምኽፋል ነጻ ዝኾነ ኣብ እተን ናይ ከተማ ድረስደን ቤት-መጻሕፍቲ ኢንተርነት ንምእታው ተቐሪቡልኩም ኣሎ።

## መጀመርታ ትምህርቲ - እንታይ እዩ ከስተብህለሉ ዘሎኒ?

ምምሃር ማለት ለውጢ ምግባር ስለ ዝኾነ ብዙሕ ሕቶታት ዝሓዘ እዩ፡። ኣየናይ ዕድመ እዩ እቲ ቅኑዕ፣ ትምህርቲ ንኽትጅምር? መዓስን ኣበይን እቲ ናይ ABC-መከላኸሊ ንትምህርቲ ክምልከት ዘለዎ? ኣካለ ስንኩላን፣ ዘይስንኩላን ተመሃሮ ብሓንሳብ ክመሃሩ ይከኣል ድዩ? እንታይ ዓይነት ደገፉትከ ክርከብ ይከኣል?

ንትምህርቲ ምምዝጋብ ይኹን፣ መዓልታዊ ናይ ቆልዓ መእለያ፣ ጥዕናዊ ምክንኻን፣ ናይ ምምሃር ምኽኣል ጸገማት፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝርከቡ ጸገማት፣ ምውህሃድ፣ ውሕስነት ምህላው፣ ንተማሃራይ ዝወሃቡ ሓገዛት፣ ናይ ክፍሊ ተመሃሮ ንዝሮት ምኻድ፣ ናይ መምሃሪ ገንዘብን ከምኡውን ንመምሃሪ ዘድልዩ ነገራት ብነጻ ምርካብን፣ ተመሃራይ ክገብሮ ዘለዎ ግቡእነት ምፍጻምን። ናይ ምክፋል ተኻሎታትን ካልኦት ኣርእስትታትን - ኣብተይ ናይ ከተማታት ናይ ኢንተርነት ገጻትውን ብዛዕብኡ ሓበሬታታት ኣሎ። ኣብቲ ኣርእስቲ »ሕቶን & መልስታትን« ዝብል፣ ነቶም ብብዝሒ ዝቐርቡ ሕቶታት ብሰፊሑ ተመሊሾም ኣለዉ።

ካልኦት ሓበሬታታት ኣብ እቶም ኣርእስትታት ምጅማር ትምህርትን መዓልታዊ ዘበለ መይል ኣብ ትሕቲ www.dresden.de/schulbeginn ከምኡድማ www.dresden.de/kita ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

## ድሕሪ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ - እንታይ ኣማራጺታት ኣሎ?

ዝተፈላለየ መንገድታት ድሕሪ ራብዓይ ክፍሊ - ኣየኒኡ ይወሰድ? እቲ ድሕሪ መባእታዊ ትምህርቲ፣ ንሓደ ዓይነት ትምህርቲ ንምውሳን ብመሰረቱ ናይ ጉዳይ ናይ ወለድን ወይውን ናይ ክካናኸንዎም መሰል ዝተዋህቦም ሰባት እዩ ዝምልከት። ኣብዚ ናይ ምውሳን ኣከያይዳ ኣብ ናይ ማእከላይ ትምህርቲ ይኹን ወይድማ ጂምናዝዩም ንምውሳን፣ ካብቶም ናይ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ መማህራንን ከምኡድማ ናይቲ ዝቅጽል ቤት ትምህርቲን ትሕገዙን ሰፊሕ ዝኾነ ሓበሬታታት ክትረኽቡ ኢኹም።

ኣየኖት ዓይነት ናይ ካልእ ቋንቋታት እዮም ኣብቲ ሓድሽ ቤት ትምህርቲ ዝወሃቡ? እንታይ ዓይነት ናይ ትምህርቲ ቀርጽታት እያ እታ ቤት-ትምህርቲ ከም ምርጫዊ-መሰል ኣርእስቲ ተቕርብ? ልክዕ ዝኾኑ ሓበሬታታትን፣ ናይ ምምኻር ምዝርራብን ኣብቲ ናይ »ናይ ክፉት ማዕጾ መዓልታት« ይወሃቡ እዮም።

እቶም ዝተረጋገጸ ሓገዛት ዘድልዮም ተመሃሮ ወይ ኣብ ሓደ ሓፈሻዊ-ስልጠና ዝህብ ቤት-ትምህትርቲ፣ ንሱ ድማ ብመሰረት ናይ ሓዊስካ ምምሃርን፣ ወይድማ ኣብ ሓደ ኣብ ናይ ብፍላይ ሓገዝ ምሃብ ዘተቈረ ቤት-ትምህርቲ ክኣትዉ ኣለዎም።

## ፍልይ ዝበለ ዓይነት ዘለወን ቤት-ትምህርትታት፣

- **ቋንቋ** Romain-Rolland-Gymnasium
- **ሙዚቃ** Carl-Maria-von-Weber-Gymnasium
- **ቁጽርን - ናይ ተፈጥሮ ስነፍልጠትን** Martin-Andersen-Nexö-Gymnasium
- **ስፖርት** Sportoberschule, Sportgymnasium
- **ሳዕስዒት** Palucca Schule Dresden
- **ዓለምለኻዊ ዲፕሎማታት** Dresden International School, Romain-Rolland-Gymnasium, Bertolt-Brecht-Gymnasium
- **ብግሊ ዝውነና ቤት-ትምህርትታት** በብዓይነቱ ናይ ምምሃር ዕድላት ምስ መተካእታ ናይ ምምሃርን-ምምሃር ኣገባብን ዝህባ እየን።

## ቤት-ትምህርቲ ተወዲኡ - እንታይ እዩ ድኣ እቲ ዝቕጽል?

ኣብተን ዝሓለፉ ናይ ትምህርቲ ዓመታት፣ ስዒቡ ዝቐርብ ጠመተ እቲ ናይ ሞያዊ ከምኡውን ናይ ዝለዓለ ትምህርቲ ንምውሳድ እዩ። ኸመይሉ እዩ ድሕሪ እቲ ትምህርቲ፣ እቲ ናይ ሞያዊ-ትምህርቲ ክብጻሕ ዘለዎ? ኣየኖት ዕላማታት እዮም እቶም ኣገደስቲ? ከመይ ጌርካ እዮምከ ዝብጽሑ? እቲ ናይ ሓበሬታን ምኽርን ዝወሃቡ ዕድላት ናይ ዝስዕቦ ስጉምቲ ተቐሪቡ እነሆ፣

- Berufsinformationszentrum Dresden
  www.arbeitsagentur.de
- JugendBeratungsCenter
  www.dresden.de/jugendberatungscenter
- Amt für Wirtschaftsförderung
  www.dresden.de/bosto

- Schulverwaltungsamt
  www.dresden.de/bsz
- Bildungsberatung
  www.vhs-dresden.de

## ዝወደእካዮ ትምህርቲ የሎን - ሕጂኸ ድኣ?

ዝወዳእካዩ ትምህርቲ የልቦንን፣ ዝረከብካዮ ቤት-ትምህርቲ የልቦን? እምበኣር ሓደ ተኽእሎ ኣሎ፣ ንሱ ድማ ናብ ሓደ ናይ ሞያዊ-ትምህርቲ ምቅርራብ ዓመት ሓተታ ምቕራብ እዩ። ንሱ ዘኽእለካ፣ ልምዳዊ ተሞክሮታት ኣብ ክልተ ናይ ሞያ-ጽፍሒ ንምእካብን፣ ካብኡ ሓሊፉውን ነቲ ናይ ላዕለዋይ ትምህርቲ ንክትውድእ ንምኽኣልን እዩ። እዚ ነቲ ናይ ትምህርቲ ትወስደሉ ቦታ ንምርካብ የቃልለልካ እዩ። ዝበዝሐ ሓበሬታታት ኣብ ትሕቲ ወብሳይት www.dresden.de/bvj ይርከብ።

ትምህርትኻ ንምውዳእ እውን ኣብተ ናይ ካልኣይ ምምሃር መንገዲ ዝበሃላ ቤት-ትምህርትታት ተመሊስካ ክትፍጽሞ ይከኣል እዩ። እተን ናይ ለይቲ ላዕለዋይ ትምህርትን፣ ናይ ለይቲ ጂምናሲዩም ትምህርቲ ዝህባ፣ ናይ 9 ክፍሊ ምውዳኣን፣ ናይ ሰከንደርይ ትምህርቲ ምውዳእን፣ ከምኡድማ ንማትሪኩለሽን ንምክፋልን ክትክእል ዕድል ይህባ ኣየን። ዝበዝሐ ሓበሬታታት ኣብ ትሕቲ ወብሳይት www.dresden.de/schulen.

## ኣባሉ ምኺንን ምክፋልን - ኣኮኖምያዊ ሓገዝ ኣበይ እዩ ዝርከብ?

ንቖልዑን መንእሰያትን፣ እቶም ኣብ ውሑድ እትዋት ዘለዎም ስድራቤታት ዝነብሩ፣ ካብቲ ናይ ምምሃር-ሓገዝን ንናይ ምክፋል-ፓከት ናይ ሃገራዊ መንግስቲ፣ ንምሕጋዝ ደገፍ ክርከብ ይከኣል እዩ። ነዚ እቶም ወለዲ ኣብቲ ከተማ ሓተታ ጽሑፍ ከቕርቡ ኣለዎም። ብኸምኡ እቶም ቆልዑ ብማዕርነት ክሓባበሩን ክሳተፉን ይኽእሉ፣ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ከምኡድማ ኣብ ነጻ ግዜ። ንኣብነት ገንዘብ ንምስሕ ምብላዕን፣ ንተመሃሮ ምሕጋዝን፣ ምዝዋርን ንዙረት ምኻድን፣ ድሕሪ ትምህርቲ ምሕጋዝን ንክመሃሩ ምትብባዕን፣ ንትምህርቲ ዘድልዩ ዘበሉ ነገራትን ከምኡውን ንስፖርት፣ ሙዚቃ ምምሃር፣ ሳዕስዒትን ወይክኣ ካልኦት ንነጻ ግዜኻ ክትጥቀመሎም ዘድልዩኻ ምግባርን። ሓበሬታታት ኣብ ትሕቲ ወብሳይት www.dresden.de/bildungspaket ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ሕቶታትን ርኽክባትን

ሕቶታት ኣለኩምዶ ነት ናይ ቤት-ትምህርቲ ህንጻን፣ ንትሕዝቶታትን፣ ናይ ቤት-ትምህርቲ ቅርጻን፣ ከምኡድማ ካልኦት ናይ ምምሕዳራዊ ጉዳያት ዝምልከቱ?

**Landeshauptstadt Dresden**
**Schulverwaltungsamt**
Telefon (03 51) 4 88 92 01
Telefax (03 51) 4 88 92 03
E-Mail: schulverwaltungsamt@dresden.de

ሕቶታት ኣለኩምዶ ንናይ ምምሃር ምምሕዳር፣ ኣሰራርዓ ክፍልታት፣ ንናይ ትሕቶቶ ትምህርቲ ምምላእን፣ ከምኡድማ ካልኦት ኣርእስታት ኣብ ምሕናጽ ትምህርቲ?

**Landesamt für Schule und Bildung**
**Standort Dresden**
Telefon (03 51) 8 43 90
Telefax (03 51) 8 43 93 01
E-Mail: poststelle@sbad.smk.sachsen.de

ተወሰኽቲ ሓበሬታታት ነቲ ናይ ኣመሃህራ ኣገባብ ኣብ ነጻ-ሃገር ሳክሰን፣ ናብት ናይ ምምሃር-ሰኪዕት መደባት ናይ ርእሰ-ከተማ ክፍለሃገር ድረስደን፣ ናብቶም ቁጽርታትን ጭብጥታትን፣ ሕግታትን መምርሒታትን፣ ከምኡውን ናብቲ ቅይ ቤት-ትምህርቲ ስፖርት ኣዳራሻትን - ኣጠቓቕምኡን ዝምልከት ኣብ ትሕቲ ኢንተርነት www.dresden.de/schulen ክትረኽብዎ ትኽእሉ።


**Impressum**

Herausgeberin
Landeshauptstadt Dresden

Schulverwaltungsamt
Telefon (03 51) 4 88 92 01
Telefax (03 51) 4 88 92 03
E-Mail schulverwaltungsamt@dresden.de

Amt für Presse- und Öffentlichkeitsarbeit
Telefon (03 51) 4 88 23 90
Telefax (03 51) 4 88 22 38
E-Mail presse@dresden.de

Postfach 12 00 20
01001 Dresden
www.dresden.de

Zentraler Behördenruf 115 – Wir lieben Fragen

Redaktion: Ina Richter und Pauline Weigert

Mai 2020



Elektronische Dokumente mit qualifizierter elektronischer Signatur können über ein Formular eingereicht werden. Darüber hinaus gibt es die Möglichkeit, E-Mails an die Landeshauptstadt Dresden mit einem S/MIME-Zertifikat zu verschlüsseln oder mit DE-Mail sichere E-Mails zu senden. Weitere Informationen hierzu stehen unter www.dresden.de/kontakt. Dieses Informationsmaterial ist Teil der Öffentlichkeitsarbeit der Landeshauptstadt Dresden. Es darf nicht zur Wahlwerbung benutzt werden. Parteien können es jedoch zur Unterrichtung ihrer Mitglieder verwenden.